ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ
ንማሕበራዊ ዕርቅን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባቢን
حركة الخضر الارترية
من أجل السلم الأهلي، العدالة والحفاظ على البيئة
Eritrean Green movement
For Social Reconciliation, Justice
and Ecological wisdom

**“እቲ ሓርነትካ ንሓርነት ብጸይካ ኣይዓግቦ”**

ካብ ገጽ 139 ካብ ምሩጻት ዓንቐጻት ኣቶ ወልደኣብ

**ዓገብ ወ/ሮ ወይ ኣቶ ወዲ ዘናብ፣**

ኣብ'ዚ ቅንያት እዚ ብሓደ ሓውቲ ወይ ሓው ብብርዒ ስም ወዲ ዘናብ ዝብል፣ ኣብ “ልብና ኣይግበሮ” ዝብል ኣርእስት ዝሓዘ ጽሑፉ፣ ንኣቶ ቀለታ ኪዳነ፣ ናይ ልቡ ክውጽኣሉን፣ ክሸስስን፣ ኣብ ዌብ ዝሰቐሎ ነንብቦ ኣሎና። ግን ካብ ዓቢ ወይ ንእሽቶ፣ ካብ ዓለም ወይ ካብ ቐሺ/ሸኽ፣ ካብ ውድብ ወይ ካብ ኣባል ዓገብ ክበሃል ይግብኦ። ንሕና'ውን ከምኡ ስለ ንኣምን ብኣኽብሮትን ብሕውነትን ነዚ ጽሑፍና ወግዓዊ ንገበሮ።

- ናይ ልብኻ ምውጻእ ዘርኢ፣ “ናይ ልብኻ እንተዘዛርቡኻ እሞ ነጻ እንተዝሰዱኻ” ዝብል ባህሊ ኣቦታትና፣ ከም ዘመልክቶ፣ ሓደ ሰብ ደስ ከም ዝበሎ ኣብ ቅርዓት ወጺኡ ክዛረብ ብሕግን ብባህልን ክልኩል ኢዩ።
- ኩልና ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኢና። ካብ ደቒቕ ክሳብ ፍሩይ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ብማዕረ ቀሪቦም ክኸሱ ንቓለስ ኣሎና፣ እንተኾነ ብዝኾነ መዓቐኒ፣ ሓደ ሰብ ከሳስን፣ ፈራድን፣ ኮይኑ፣ክቀርብ መሰል ይብሉን።
- መሰል፣ ርኡይቶን፣ ምጥርናፍን፣ ምጽሓፍን፣ ከም ኩነታቱ ብቤት ፍርዲ ክለዓል ወይ ክእገድ ይኽእል፣ እንበር ኣብ ዝኾነ ግዜ ብውልቐ ሰብ ክግፈፍ ግቡእ ኣይኮነን። ዘቃልስና ዘሎ ንሱ ዶ እይኮነን?

እዚ ጽሑፍና ምናልባት ከም ኣጋጣሚ ንወዲ ዘናብ ዝነቕፍ ይመስል ይኸውን ንሕና ግን ነቲ ማእከል ሞራልን እምነትን ባህልና ዝኾነ ብሂል “ነቲ ናባኻ ዘይትደልዮ ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ኣይትተምነየሉ” ዝብል ኢና ንማበቕ ዘሎና። ወዲ ዘናብ ሕግን ኣገባብን ኣይተኸተለን፣ ንርእሱ ልዕሊ ሕግን ባህልን ሰሪዑ እንበር ብጭብጥን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ንህዝብን ንቓልስን ክንከላኸል ኣብ ጸግዑ ደው ንብል ብዘይምግናን ብቐዳምነት ንሕና ምኾና።

ኣቶ ቀለታ ይኹን ወድ ዘናብ ወይ ካልእ፣ ርእይቶኦም ወላ ንሕና ዘይንሰማማዓሉ፣ ነጻ ኮይኖም ብሕግን ብኣገባብን ክህቡ ክሳብ ሂወትና ንኽንከፍል፣ ቅሩባት ኢና። ንገብሮን ንብሎን ብባህልን ብሕግን ብሞራልን ክምዘን ከሎ ዘይርትዓዊ እንተኾነ ግን ክንቓለሶ ይግባእ። ሎሚ ኢንተርነት ቆልዑን፣ ድኹማትን፣ ጸላእትን፣ ክኣትዉዎ ዝኽእሉ ክፉት ስለ ዝኾነ መጠኑ ብሓላፍነት ክንጥቀመሉ ይግባእ። ጽልእን ቅርሕንትን ኣብ ዉሽጢ ሕብረተሰብ ዘእቱ ክንውጉዞን ክነርሕቆን ኣሎና።

ኣቶ ቀለታ ኪዳነ (ምስ ኣሉታውን ኣውንታውን ታሪኾም ከም ኩሉ ሰብ) ተጋደላይ ምዃኖም ንኣምን። ሱዉኣትና ልዕሊ ኩልና ኢዮም። ተሰዊኡ ዝተመልሰ ድማ የብልናን፣ ስለ እዚ ዝኾነ ብሂወት ዘሎ ብምግዳሉ ክፍክር የብሉን። ህግደፋውያን መኣስ ዘይተጋደሉ ኮይኖም እኳ ድኣ ዝመረረ ኩናትን ፈተነ ሂውትን ሰጊሮም ኢዮም፣ እንተኾነ ብሂወቶም ስለ ዘለዉ ግን ጠሊሞምና። “ተጋዲልናልካ” እናበሉ ኣብ ባርነት የብርዎ ኣለዉ። ስለ'ዚ ክቡር ወይ ክብርቲ ወዲ ዘናብ፣ ስለ ሱዉኣትና ጽሑፋትካ ደው ኣብሎ። ካብ ጽሑፍካ ንውላድና ይኹን ንመድረኽና ሓንቲ ትምህርቲ ንረኽበሉ የሎናን። እንታይ ገደሰኩም ከይትብለና፣ ድማ ንስኻን ኣቶ ቀለታን ፍቕሪ ዘይትነብሩላ ሃገር ንኣና'ውን ኩርዃሕ ኢያ።

ፍቅሪ ሃገር መግለጺኡ ንሓውኻ ምኽባርን ምፍቓርን ኢዩ። ነዚ ቓልሲ ከም እዚ ወዲ ዘናብ እናገብርና ባዕልና ነናውሖ ኣሎና። እዚ ዝጸሓፍ ዘሎ ወንጀል ኢዩ። ካብ ኩሉ ድማ ብብርዒ ስም ይጸሓፍ ስለ ዘሎ ንሃይማኖት፣ ንኣውራጃ፣ ንውድብ፣ ዝልክም። ብፍላይ ንፎስቲቫል ካስል ወኪሉ ዝሕለቕ ዘሎ ስለ ዝመስል ብቀዳምነት ሃገራዊ ግንባር ድሕነት ኤርትራ ድሕሪኡ ድማ ውድባትን፣ ምንቅስቓሳትን፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን፣ ሃይማኖታውያን ሰባትን ክንኩንኖ ዝግባእ ኢዩ።

ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ ካብ ባህሊ ዝረሓቐ ሰውራ ይብንቑስ እንበር ኣይተክልን ኢዩ ኢሉ ስለ ዝኣምን፣ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ኣብ ፍቕርን ተስፋን እምነትን ዝተሰረተ ባህላዊ ሰውራ ክነኻይድ ንኹሉ ወዲ ሃገር ይጽውዕ ኣሎ።

ፍልልይታና ስለምንታይ ክንዲ ዝጸብብ ይገፍሕ ዝብል ኣብ'ዚ ሶሙን ንስዶ ጽሑፍታና ክትነብዎ ንዕድም።

ኣምላኽ ነዚ ሕዝናዮ ዘሎና ዕላማ ይባርኸልና። ኣሜን። ግዝያዊት ኣወሃሃዲት ሽማግሌ ሓ.ም.ኤ.

Greeneritreans@gmail.com

http://togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/rightMap/EGM-09/3001EGM9-P.html

09-09-2009